# ሰዋሰዋዊ ኣገባብ ትእኽኻብ ፊደላትናን ስርዓታቱን
## (ግእዛራዊ መጽናዕቲ)

ብ
ዳንኤል ተኽለማርያም ተስፋጊዮ
ክ/ሃ ቴዎድሮስ ገብ/ማርያም

ናብ ቀዳማይ ዋዕላ ቋንቋታት ኤርትራ ዝቐረበ
16-18 ነሓሰ 1996

# ላቲናዊ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ፊደላትናን ኩነታቱን
## (ንጽጽራዊ መጽናዕቲ)

ብ

ዳንኤል ተክለማርያም ቶኩሩራይ
ክ/ሃ ፔዳጎጂ ጨ/ካሪክለም

ናብ ቀዳማይ ዋዕላ ቋንቋታት ኤርትራ ዝቐረበ
16 – 18 ነሓሰ 1996

## ትሕዝቶ                                                                  ገጽ


1. መእተዊ ........................................ 1

   ድሕረ-ባይቲ ........................................ 2

   ዕላማ ........................................ 3

2. ወከልቲ ፊደላት ንምቋም/ንምምራጽ ዝሕግዙ ረቋሒታት ........................................ 4

   ሀ) ኣብ ስርዓተ-ድምጺ ዝተመስረቱ መትከላት ኦርቶግራፊ........................................ 4

   ለ) ካልኦት ወሰንቲ ረቋሒታት ኦርቶግራፊ ........................................ 5

   ሐ) ኣብ ኦርቶግራፊ ዝቐርቡ ተወሰኽቲ ኣረኣእያታት ........................................ 6

3. ላቲናዊ ኣገባብ ኣጻሓሕፋ ፊደላትናን ኩነታቱን........................................ 7

4. መደምደምታ ........................................ 11

5. መወከሲ ጽሑፋት........................................ 12

6. ጥብቆ........................................ 13

## 1. መእተዊ

ቋንቋ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ዝነብሩ ሰባት ምእንቲ ክረዳድኡሉ ኮነ ኢሎም ግን ብሃውሪ (ብወዝቢ) ዝፈጥርዎ ስርዓት ዘለዎ ድምጻዊ ምልክት'ዩ።

ቋንቋ ድምጻዊ ምልክት'ዩ ኣብ እንብለሉ እዋን፡ ካልእ ክንጸር ዘለዎ ነጥቢ ኣሎ። ንሱ ድማ ንሓደ ቋንቋ፡ ቋንቋ ዘብሎ ኣብ ጽሑፍ ምስፋሩ ዘይኮነስ ብመሰረቱ ተዛረብቲ ዘለዉዎ ውሉድ ካብ ወለዱ ወይ ካብ ከባቢኡ ዝለምዶ ምዃኑ'ዩ። እዚ ድማ፡ ናይ ቋንቋ መሰረት ድምጺ፡ ካብኡ ቀጺሉ ዘረባ፡ ዘረባ ድማ ንጽሕፈት መንቀሊ ምዃኑ የረድኣና። ድምጺ ንሓሳባት እንክውክል፡ ጽሕፈት ድማ ንቃላት ይውክል ማለት'ዩ። ስለዚ፡ ጽሕፈት ናይ ወኪል ወኪል'ዩ ክበሃል ይክኣል። ብሓቂ'ውን ደቂ ሰብ፡ ንብዙሕ ዘመናት ዝኾነ ዓይነት ናይ ጽሑፍ ምልክት ከይሃለዎም፡ ታሪኾምን ኩነታቶምን ብቃል ናይ ውሉድ ወለዶኦም እናመሓላለፉ ክዕቅብዎ ጸኒሖም። እቲ ብዙሓት ሊቃውንቲ ዝሰማምዑሉ ቀዳማይ ናይ ጽሑፍ ዓይነት ''ኩኒፎርም'' ካብ መፋርቕ መበል ኣርብዓ ዘመን(ቅ.ል.ክ) ብኣሶራውያን (ፔርሺያውያን) ዝተጀመረ'ዩ። ኣሶራውያን እዚ ኣብ ኣጸሕል ዝሰፍር ዝነበረ ጽሑፍ ቅድሚ ምጅማሮም፡ ቋንቋ ከምዝነበሮም ዘጠራጥር ኣይኮነን። ከመይሲ ብዘይ ቋንቋ ምጽሓፍስ ይትረፍ ምሕሳብ'ውን ኣይከኣልን ኢዩ። ስለዚ ጽሕፈት ዘይብሉ ቋንቋ ብደረጃ ምዕባለ ድኣ ይፈላለ እምበር፡ ከም ቋንቋስ ንተዛረብቱ ብቑዕን ምሉእን ኢዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ዓለምና ካብ ዝዝረቡ ቋንቋታት፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ፊደላትን ጽሕፈትን ዘለዎም ክንደይኮን ይኾኑ: ኣብ ዓለምና ኣስታት 6528 ቋንቋታት ከምዝዝረቡ ጸብጻባት ''ኤትኖሎግ'' ይሕብር'ሞ (ግሪምስ፡1992) ኣብ ዓለምና ካብ ዝዝረቡ 32% ቋንቋታት ኣብ ኣፍሪቃ ይርከቡ። ካብዚኣቶም 1/3 ኣቢሎም ማለት ልዕሊ 500 ቋንቋታት፡ ኣብ ጽሑፍ ሰፊሮም ኣለዉ። እንተኾነ ግን እቲ ሰነዳቶም ብዙሕ ተፈላጥነት ዘይብሉን፡ ካብቲ ከባቢ ናይቲ ሕብረተ-ሰብ ወጻኢ ክርከቡ ዘይክእሉን ኢዮም ይብል። (ግሪምስ፡1988)

'ኣልፋብትስ ኦፍ ኣፍሪካ' ብ1993 ብምትሕብባር ዩነስኮን ሳመር ኢንስቲትዩት ኦፍ ሊንጕስቲክስን፡ ኣብ ዳካር ዝተሓትመ 309 ገጽ ዘለዎ መጽሓፍ ድማ ናይ 200 ኣፍሪቃውያን ቋንቋታት ወከልቲ ፊደላት ብሰፊሑ የቕርብ። ብፍላይ ድማ ናይቶም ኣብዘን ዝሓለፉ 20 ዓመታት ዝማዕበለ ፊደላት ላቲን የቕርብ። እዞም ብላቲናዊ ፊደላት ዝተጻሕፉ ቋንቋታት ድማ ንሰነ-ልሳናዊ መጽናዕትታት ዕድል ከምዝኸፍቱ ዘለዎ ተስፋ ይገልጽ።

ብምቕጻል፡ ዕላማታት ናይዚ መጽሓፍ እዚ ክገልጽ እንከሎ፡ ኣብ ኣጸሓሕፋ ቋንቋታት ኣፍሪቃ ዘጋጥሙ ጸገማት ብከመይ ክፍትሑ ከምዝከኣል ማለት ኣብ ኣወኻኽላ ፊደላት፡ ኣጸሓሕፋ ቅኒት (tone)፡ ኣመቓቕላ ቃላት፡ ክንክተሎ ዘሎና ሰነ-ልሳናዊ ምትከላት ወዘተ... ይሕብር። ከምኡ'ውን ኣማዕበልቲ ሓደስቲ ፊደላት ውሕሉል ኣገባብ ኣመራርጻ ተኸቲሎም፡ ፊደላት ከቑሙ ወይ ድማ ክለሳ(ዳግመ-ግምት) ኣብ ዝገብሩሉ እዋናት፡ ኣብ ዝያዳ ኣገልግሎት ክውዕሉ ዝኽእሉ፡ ወይ ብተግባር ክገልግሉ ዝኽእሉን ፊደላት ክተኩሩ ከምዘለዎም የብርህ። ከምኡ'ውን ክሳብ ሕጂ ኣብ ጽሑፍ ዘይሰፈሩ ቋንቋታት፡ ኣብ ጽሑፍ ክነስፍሮም ከምዝግባእ የተባብዕ። (ሃርትል፡ 1993፡ v)

'እዚ ኣልፋቤትስ ኦፍ ኣፍሪካ' ዝብል መጽሓፍ፡ ብንጹር ኣገባብ ዝተዳለወን ብሓቂ ማራኺ ኣቀራርባን ዘለዎ'ዩ። ካብ 20 ሃገራት፡ ልዕሊ 200 ቋንቋታት (ብውሑድ ደረጃ ድማ ላህጃታት) መዝገቡ ይርከብ። ካብ መንጎ'ተን ሃገራት፡ኣርባዕተ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ሰለስተ ኣብ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ሰለስተ ከኣ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ይርከባ።ዝርዝር ኣስማት ናይተን ሃገራት እንተኣድለየ በኒን፡ ቡርኪና ፋሶ፡ ካመሩን፡ ሪፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ቻድ፡ ኮንጎ፡ኮት ደቭዋር፡ ጋና፡ ጕነያ፡ ኬንያ፡ ሊብያ፡ ማሊ፡ ኒጀር፡ ኒጀርያ፡ ሰነጋል፡ ሲየራለዮን፡ ሱዳን፡ ቶጎ፡ ኡጋንዳን፡ ዛየርን ኢየን። እቶም ከም ኣልፋቤትስ ኦፍ ኣፍሪካ ኮይኖም ዝዝውተሩ ዘለዉ ፊደላት፡ ካብቶም ኣብ ሃገርና ንላቲናዊ ኣጸሓሕፋ እንጥቀመሎም ዘሎና ፊደላት፡ ገለ ገለ ፊደላት ሓዲግካ ብዙሕ ተመሳሳልነት ኣለዎም። ዘዘውትርዎ

ኣጸሓሕፋ ድማ ምስ'ቲ ኣህጉራዊ ኣገባብ ኣወኻኽላ ድምጽታት (International Phonetic Alphabet) ኣዚዩ ዝተቐራረበ ኢዩ።

<u>ድሕረ ባይታ፡</u>- ብሓፈሽኡ ክርአ ከሎ፡ ካብ መፋርቕ መበል 18 ዘመን ኣትሒዙ፡ ገለ ንቋንቋታትን ባህልታትን ኤርትራ ዝምልከቱ፡ ብፊደላት ላቲን ክጸሓፉ ምጅማሮም ንዕዘብ። እቶም ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈሩ ጉዳያት ድማ፡ ብዛዕባ ባህልን መነባብሮን ብሄራትና፡ንስዋስው ዝምልከቱ ገለ ክፋላት፡ መዝገበ ቃላት፡ ኣፋዊ ሰነጽሑፍ፡ ሃይማኖታዊ ትሕዝቶ ወዘተ... ኮይኖም ንረኽቦም።

ቀንዲ ዕላማ ናይቶም ጽሑፋት ብዛዕባ ቋንቋታትን ባህልታትን ኤርትራ ንኤውሮጳውያን (ንወጻእተኛታት) ንምፍላጥ እንተዘይኮይኑ፡ ንኤርትራውያን ንምምሃርን ቋንቋታቶምን ባህሎምን ንምምዕባል ወይ ንምዕቃብ ዝዓለሙ ኣይነበሩን ንምባል የድፍር። ከምዚ ክበሃል ከሎ ግን፡ ከም መወከስን መበገን ክገልግሉ ኣይክኣሉን ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት ወንጌላዊት ቤተ ክርስትያንን ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያንን፡ ብቀንዱ ኣብ ሰብከተ ወንጌል ዘዘንበለ ጽሑፋት የውጽኣ'ኳ እንተነበራ፡ ድሒሩ ግን በብወገነን ንቋንቋ ኩናማ ብፊደላት ላቲን ጽሒፈን ትምህርቲ ከመሓላልፉ ምጅማረን፡ ንምትእትታው ፊደላት ላቲን ኣብ ዓለማዊ ትምህርቲ ሃገርና ከም መበገሲ ክጥቀስ ምኽኣሉን፡ ካብ ካልኦት ዝነውሐ ናይ ኣገልግሎት ዘመን ከምዝሕዝ ምግባሩን ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ኣብ ናይ ሰውራ ኩነታት ምልስ ኢልና ኣብ እንዘራረበሉ እዋን ድማ፡ ጨንፈር ትምህርቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ከይተረፈ፡ ደረጃ ንቕሓት ሰራዊትን ህዝብን ክብ ንምባል፡ በብእዋኑ ዘይሕለል ጻዕርታት ኣካይዱ'ዩ። ሓደ ካብቶም ከም መርኣያ ክጥቀሱ ዝኽእሉ ፍጻሜታት ድማ፡ ነተን ክሳዕ ቀረባ እዋን ናይ ጽሑፍ ቅርሲ ዘይጸንሐን ኤርትራውያን ቋንቋታት፡ ብሓባር ክገልግል ዝኽእል፡ ሓደ ምእኩል ላቲናዊ ፊደል ምርዓምን ምድንፋዕን ኢዩ።

ዕላማ ብፊደላት ላቲን ምጽሓፍ ኣባ ይስሃቅ ገብረኢየሱስ ክብርሁ ከለዉ፡ ቀዳሞት ኤውሮጳውያን ብዛዕባና ንህዝቦም ክፍልጡ ኢዮም ንቋንቋታትና ብላቲን ዝጽሓፉዎ ዝነበሩ። ብግምጣሉ...'' ንሕና እንደልዮ ህዝብታትና ሓደሓደ ሓበረታታት ብዛዕባ ኣብ ኤውሮጳ ዘለዉ ህዝብታትን ጎሮሮኣዊ ኣደማምጻኦምን ዘይኮነስ፡ ህዝብና ካብ ናይ መሃይምነት ሞቕሕ ኪገላገል ኢዩ። ንሕና እንደልዮ ህዝብታትና ኪበታተንን ኪረሓሓቑን ዘይኮነስ ኪጥርነፍን ኪተሓቛቘፍን ኢዩ። ንሕና እንደልዮ ዘሎና ትሽዓተ ፊደል ንሓንቲ ሃገር ዘይኮነስ፡ ሓደ ፊደል ንትሽዓተ ብሄራት ኢዩ። እዚ ሕብረ-ብሄራዊ ፊደል'ዚ ከኣ፡ ሕልኽልኽ ዝበለ፡ ብተገራጫዊ ሕግታት ዝቖመ፡ ምስ ኩነታት ሕብሩን ድምጹን እናቐያየረ ዚኸይድ፡ ንዚምህርን ንዚመሃርን ብሓባር ኣብ ስቓይ ዚጸምድ ዘይኮነስ፡ ጋህ ዝበለ ጽርጊያ፡ ኳዕ ዝበለ ብርሃን፡ ኣብ ዝኸድካዮ ኣላሊኻ በታ ሓንቲ ስሙ ክትጽውዖን ክተዕልሎን እትኽኣል ኣካል ኪኸውን ይግባእ። 'ሓደ ፊደል ንሓደ ድምጺ'ዚብል መትከል እምበኣር፡ ንኣና ኣማራጺ ዘይብሉ መገዲ ኢዩ። ክንተዓጻጸፍ ኣይግበኣናን ማለት ግን ኣይኮነን... ''ይብሉ። (ኣባ ይስሃቅ -ገጽ 31-32)።

ብህ.ግ.ሓ.ኤ ንኣጸሓሕፋ ቋንቋታት ኤርትራ ብፊደላት <u>ላቲን</u> (ትራንዝሊተረሽን) ዝምልከት፡ ንኸትዕ ዝቐረበ ጽሑፍ፡ ዕላማታቱ ከብርህ ከሎ ሓፈሻውን ፍሉይን ዕላማታት ብምባል ኣብ ክልተ መቒሉ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ የስፍሮ፡ (ገጽ 4-5)

ሀ. <u>ሓፈሻዊ ዕላማታት ትራንዝሊተረሽን</u>

1. ብምኽንያት ናይ ዝተፈላለያ ሀገራት፡ ክፍልታት ዓለማት ናይ ቁጠባ፡ ባህሊ፡ ዜና... ሓበረታታት ልውውጥ ስለዝምስረት፡ ናይ ቦታን ሰባትን ኣስማት ሓደን ፍሉጥን ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ክምዝልመድ ምግባር።
2. ንሓደ ፊደል ዘነይበሮ፡ ወይድማ ኣብ ጸቢብ ጂኦግራፊያዊ ከባቢ ዝርከቡ ሰባት ጥራይ ዝርድእዎ ፊደላት ዝጥቀም ቋንቋ፡ ኣደማምጻኡን ትርጉሙን ከይለወጠ ብሓደ ሰፊሕ ተቐባልነት ዘለዎ ስርዓት-ፊደላት ተጻሒፉ፡ ብተዛረብቲ ናይቲ ቋንቋ ይኹን ካልኦት ነቲ ዘጽንዮ ክምዘንብብ ንምግባር ኢዩ።

ለ. <u>ፍሉይ ዕላማታት ትራንዝሊተረሽን፡-</u>

1. ሓደ ንኹሎም ቋንቋታት ኤርትራ ንምጽሓፍ ዘኽእል፡ ውሑድ ቁጽሪ ዘለዎ ኮይኑ፡ ናይ ምምሃርን ምሕታምን ስራሓት ዘቃልል፡ ኣብ ፊደላት ላቲን ዝተመርኮሰ ስርዓተ ፊደላት፡ ስሩዕ ዝኾነ ኣገባብ ተኸቲሉ ምእንቲ ክምዕብል ሰረት ንምትሓዝ፡
2. ኣብ ላቲን ኮነ ላልኦት ዘመናውያን ተጠቀምቲ ፊደላት ላቲን ዝኾኑ ቋንቋታት ዘይርከቡ ድምጽታት ኣብ ኤርትራውያን ቋንቋታት ግን ዝርከቡ፡ ንምጽሓፎም ዝምችኡ ፊደላት ንምርካብ እንታይ ዓይነት ምልክት ክምትውሰኽ ንምሕባር፡
3. እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ትራንዝሊተረሽን መጽናዕቲ ኣብ ምንታይ ደረጃ ክምዝበጽሐን፡ ድሕሪ ሕጂ ዝግበር መጽናዕትታት ኣብ ምንታይ ክምዘተኩርን እንታይ ዓይነት ኣገባብ ክምዝኽተልን ንምሕባር ኢዩ።

እዚ ብፊደላት ላቲን ተጠቂምካ ንኤርትራውያን ቋንቋታት ናይ ምጽሓፍ መስርሕ፡ ብ1982 ተኣሚሙ፡ ብ1987 ድማ ኣብ ግብሪ ክውዕል ጀሚሩ። ብመሰረቱ ፊደላት ላቲን ንኤውሮጳውያን ቋንቋታትን ድምጽታቶምን ንምውካል ስለእተማህዙ፡ ኣብ ልዕሊኦም ንኩሻዊ፡ ኒሎታውን ሴማውን ድምጽታት ዝውክሉ ፊደላት ምምስራት ኣገዳሲ ኢዩ ነይሩ። ስለዚ እዚ እንኽተሎ ዘሎና ላቲናዊ ኣጻሓሕፋ፡ 26 ንጽል ፊደላት፡ 3 ተወሰኽቲ ምልክታት ዘለዎም፡ 13 ፊደላት ድማ ብድርብ ፊደላት ክምዝቖሙ ኮይኑ፡ ብድምሩ 42 ድምጺ ክምዝውክል ክይኑ'ዩ ተዳሊዩ። (ጥብቆ ቊ. 1-2 ተመልከት)።

ኣብ'ዚ 42 ድምጺ ዝውክሉ ፊደላትስ ኣይበዝሑንዶ ዝብል ሕቶ ክቐርብ ባህሪያዊ ኢዩ። እዚ ሰሌዳ ፊደላት'ዚ ግን ኣብ ኩላተን ቋንቋታት ኤርትራ ንዝርከቡ ድምጽታት ክውክል ተባሂሉ ዝቖመ ሓባራዊ ሰሌዳ ድኣምበር፡ ብምሉእ ኣብ ሓደ ቋንቋ ንጥቀመሉ ማለት ኣይኮነን። ክምኡ'ውን ኣብ'ዚ ሰሌዳ'ዚ ዘይኣተዉ፡ 4 ጥምረ-ድምጺ ናይ ናራን፡ 1 ጥምረ ድምጺ ናይ ብለንን ወሲኽና ንጥቀም ምህላውና ክፍለጥ የድሊ።

እዞም ፊደላት ላቲን እዚኦም ክሳዕ ሕጂ ኣብ ኣርባዕተ ቋንቋታትና ማለት ኩናማ፡ ሳሆ፡ ዓፋርን፡ ናራን ንጥቀመሎም ኣሎና። መጽሓፍ ፊደል ንጀመርቲ ብብሊን'ውን ብላቲን'ዩ ተዳሊዩ ዘሎ። ዝኾነ ይኩን ኣመራርጻ ወከልቲ ፊደላት ብስምምዕ (ኮንቨንሽን) ዝግበር'ኳ እንተኾነ፡ ምስ ኣብ ከባቢና ኮነ ኣብ ዓለማና ዝዝውተሩ ኣጻሓሕፋታትን ዝውክልዎም ድምጽታትን ዘሎ ምምስሳልን ምፍልላይን ምፍታሽ ግን ኣገዳሲ ኢዩ።

<u>ዕላማ፡-</u> ዕላማ ናይዛ ሓጻር ጽሑፍቲ እምበኣር፡ እንግልገለሉ ዘሎና ፊደላት ላቲን፡ ክሳዕ ክንደይ ንቋንቋታትና ወኪሉ ክሰርሕ ክም ዝኽእል ንምፍታሽ፡ ብልጫኡን ድሩትነቱን ብድሕሪ ምርኣይ፡ ብመንጽር ዕላማታትና ምስ ኣብ ከባቢናን ዓለምናን ዘሎ ኣገባብ ኣጻሓሕፋ ብፊደላት ላቲን ዘሎዎ ምምስሳልን ምፍልላይን ዘምጽኦ ሳዕቤን ብድሕሪ ምቕራብ ክግበሩ ዘለዎም ምምሕያሻት ንምትንባህ ኢዩ።

## 2. ወከልቲ ፊደላት ንምቋም/ንምምራጽ ዝሕግዙ ረቛሒታት፡-

ኣብ ጽሑፍ ዘይሰፈረ ቋንቋ ክተማዕብል ኣብ እትብገሰሉ እዋን፡ እቲ ፈላሚ ዕማም ነቲ ቋንቋ ዝኸውን ፊደላት ምምሃዝ ይኸውን። ፊደላት ድማ ነቲ ናይቲ ቋንቋ ድምጽታት ብምውካል ዝሰርሑ ምልክታት ማለት ኢዩ። እንተኾነ ግን ፊደላት ምቛም ጥራይ እኹል ኣይኮነን። እቶም ምልክታት ተወሃሂዶም ብግቡእ ተቀራሪቦምን ተፈላሊዮምን፡ ስርዓተ ነጥቢ ተኸቲሎም፡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት፡ ሕጡብ ጽሑፍን ቴማን ኣቑሞም፡ ብጽሑፍ ሓሳባትካ ከመሓላልፉ ክኽእሉ ኣለዎም። ከምኡ ብምዃኑ ድማ'ዩ ንዓውደ ኦርቶግራፊ (ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ወይ ኣሰኻኽዓ ፊደል) ጽንኩርን ዝተሓላለኸን ዝገብሮ።

ሓደ ሓደ ግዜ፡ ንሓደ ቋንቋ እተፈላለዩ ኣገባብ ኣጸሓሕፋታት ዝምዕብሉ ኩነታት'ውን ይርአ'ዩ። እዞም ፍልልያት እዚኣቶም ካብ ዝተፈላለዩ ባህልታት ክምንጭዉ ይኽእሉ። እቶም ነዚ ፍልልያት'ዚ ክስዕቡ ዝኽእሉ ረቛሒታት፡- ሀ) እቲ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ናይቲ ወግዓዊ ቋንቋ ወይ ድማ ናይ ካልኦት ልዑል ግምት ዝወሃበን ወይ ጎረባብቲ ቋንቋታት ኣገባብ ብምኽታል፡ ለ) ኣብ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ዝህሉ ውልቃዊ ኣረኣእያታት ወይ ኣተሓሳስባታት፡ ሐ) ናይቲ ኦርቶግራፊ ዘማዕብል ሰብ ኣብ ስነ-ልሳን ዘለዎ ደረጃ ኣፍልጦ፡ መ) ፖለቲካውን ባህላውን ኣጠማምታ ናይቶም ውሳኔ ዘተሓላልፉ ሰባት ክኸውን ይኽእል'ዩ ይብሉ ዲከንን ሎጀንጋን (1993፡6)።

ጽሑፍ ንዘይብለን ቋንቋታት፡ ኣብ ጽሑፍ ክስፍር ዝህቅን ኣማዕባሊ ኦርቶግራፊ ቀንዲ ዕላምኡ፡ ነቶም ተዛረብቲ እቲ ቋንቋ፡ ብጽቡቕ ምልኪ ክምዘንብቡ ምግባርዩ ክኸውን ዘለዎ። እዚ ድማ ብዓይኒ ስነ-ልሳን፡ ውሕሉል ፍተሻ ናይቲ ቋንቋ ብምክያድ፡ ውሻጣዊ ባህርያት ናይ'ቲ ቋንቋ እናተኸተለ፡ ዝሳነ ሕግታት ክውጽእ ኣለዎ ማለት ኢዩ። ንማሕበረ-ፖለቲካዊ ረቛሒታት ግቡእ ቆላሕታ ክይሃቡ ዝሰርሑ ናይ ስነ-ልሳን ተመራመርቲ፡ ጽሑፋቶም ተቀባልነት ክስእንን ክንጸግን ክምዝኽእል ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ምእንት'ዚ ንጽንኩርነትን ሕልኽልኻትን ኦርቶግራፊ ንምብዳህ፡ በቶም ምኩራት ናይ ስነ-ልሳን ሊቃውንቲ ዝቐረቡ መትከላትን ወሰንቲ ረቛሒታትን ርእይቶታትን ካብዚ ኣስዒብና ንመልከት።

### ሀ. <u>ኣብ ስርዓተ-ድምጺ ዝተመስረቱ መትከላት ኦርቶግራፊ</u>

ሓደ ኣገባብ ኣቀራርጻ ፊደል ንምቕያስ ወይ ንምምሃዝ ኣብ እንብገሰሉ እዋን፡ ስርዓተ ድምጺ ናይቲ ቋንቋ ኣዕሚቍካ ምፍታሽ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ድማ ፓይክ(1947) እዞም ዝስዕቡ 10 ስነ-ድምጻዊ መትከላት ኣገባብ ኣጸሓሕፋ (ኦርቶግራፊ) የቕርብ።

1. ኣብ ሓደ ቋንቋ ዝርከብ ድምጺ(ፎኒም)፡ ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ ኣትዩ ናይ ትርጉም ለውጢ ዘምጽእ እንተኾይኑ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ፊደል ክቕረጸሉ ይግባእ። ንኣብነት፡- ኣብ '___ ለለ' ዝብል ክባቢ ሽ፡ቀ፡በ፡ከ፡ዘ፡ደ፡ገ፡ጠ፡ጸ ብምእታው፡ ሸለለ፡ ቀለለ፡ በለለ... ዝብሉ ቃላት ስለእንረክብ፡ ንነፍሲ-ወከፎም ፊደል ክመሃዘሎም ይግባእ ማለት ኢዩ።

2. ብሓደ ድሃይ ዝድመጹ ፊደላት፡ ረርእሶም ኪኢሎም ክጸሓፉ ኣድላዪ ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ እንግሊዝ /K/ን /C/ ኣብ ከም <u>K</u>ill ወይ <u>C</u>all ከም /K/ ስለዝንበቡ ብሓደ ፊደል ምውካሎም ዝሓሸ ኢዩ።

3. ሓደ ድምጺ ኮይኑ፡ ኣብ ናይ ቃል መጀመርታ፡ ወይ ማእከል ወይ መወዳእታ ብምምጽኡ፡ ዝተፈላለያ ድምጺ ዝህብ ምስዝኸውን፡ ዝተፈላለዩ ፊደላት ክቆሙሉ ኣድላዪ ኣይኮነን። ንኣብነት፡- ኣብ ትግርኛ 'ቀ' ን'ከ' ኣብ ናይ ቃል መፈለምታ ጸኒሖም፡ ኣብ ቅድሚኦም ካልእ ድምጺ እንተኣተወ ማለት ኣብ ማእከልን መወዳእታ

ቃልን፣ ናብ ''ቐ'' ን ''ኸ'' ን ዝቕየሩሉ ኩነታት ፈላሊኻ ምውካሉ ኣየድልን ዝብል ኣረኣእያ'ዩ ዘለዎ።

4. ነጸ ምልውዋጥ ዝገብሩ ድምጽታት፣ ኣበየናይ ከባቢ ምስዝኣትው ወሲንካ ክፍለጥ እንተተኻኢሉ፣ ኣመልክትቲ ክቕመሎም ይከኣል።

5. ሓጺር ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ዘለዎም እንተኾይኖም፣ ከምቲ ኣብ ሓደ ቃል ዝድመጽዎ ኮይኖም ክጸሓፉ ይምረጽ። ንኣብነት፡- ከም'ዚ'ዩ ፡ ከም እዚ ኢዩ።

6. ብቅልጡፍ ወይ ዝግ ኢሉ ከምዝንበብ ዘመልክት ኣገባብ፣ ካብ ኣጸሓሕፋ ክውገድ ይግባእ።

7. ናይቲ ቋንቋ ኣቀዋውማ ቃላት ተኸቲልካ፣ ኣናበብትን ተነበብትን ተፈልዮም ክጸሓፉ ይግባእ። ንኣብነት፡- ኣብ ላቲናዊ ኣጸሓሕፋ።

8) ቅኒት (tone) ናይ ትርጉም ለውጢ ዘስዕብ እንተኾይኑ፣ ተፈልዩ ክምልከት የድልዮ።

9) ናይ ቃል ዶባት ተነጺሮም ክጸሓፉ ይግባእ። ወይ'ውን ካብ ክልተ ውሁዳት ቃላት እንተኾይኑ ተነጺሩ ምእንቲ ክፍለጥ፣ ዶብ ወይ ምልክት ምግባር የድሊ።

10) ናይ ልቓሕ ቃላት፣ ናይቲ ተቐባሊ ቋንቋ ስርዓተ ድምጺ ተኸቲሎም ክጸሓፉ ይግባእ ይብል።

ለ) <u>ካልኦት ወሰንቲ ረቋሒታት ኦርቶግራፊ</u>

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ 10 መትከላት ጥራይ ዘይኮነ ግን፣ ካብ ስነ-ልሳን ወጻኢ ዝኾኑ ወሰንቲ ረቋሒታት'ውን ኣብ ኦርቶግራፊ ዓቢይ ግደ ከምዘለዎም ምርዳእ የድሊ። ከም ኣረኣእያ ብዙሓት ናይ ስነ-ልሳን ሊቃውንቲ፣ ኣብ ኣቀዋውማ ፊደላት፣ ኣብ መንነ ስነ-ድምጻውን ስነ-ማሕበራውን ረቋሒታት ተዛኒቕም ክረኣዩ ዘለዎም ጉዳያት ኣለው ድማ ይብሉ። ፓይክ (1947) ሓደ ካብቶም ነዚ ሓሳብ'ዚ ዝድግፍ ኮይኑ፣ እቲ ዝምረጽ ኣቀዋውማ ፊደላት፣ ብተገልገልቲ ተቐባልነት ክህልዎ እንተድኣ ኾይኑ፣ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ከእቱ ይግባእ ይብል።

1) እቲ ኦርቶግራፊ በቶም ዝግልገሉሉ ህዝቢ ሰፊሕ ደገፍን ተቐባልነትን ክረክብ ኣለዎ። ብፍላይ'ኳ በቶም ልሳነ-ክልኣ (bilingual) ዝኾኑ ዜጋታት።

2) ኣብቲ ወግዓዊ ወይ ንግዳዊ ቋንቋ ዘይርከቡ ምልክታት ዘይምዝውታር።

3) ፍሉይ ኣናብባ ንምሕባር ዝኣትው ምልክታት (diacritic marks) ብዝተኻእለ መጠን ምውጋድ። ንንባብ ዘይምቹእ ኣብ ርእሲ ምግባሮም፣ ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ንቅልጣፈ ኣጸሓሕፋን ኣናብባን ዘዳኽሙ ብምኳኖም'ዩ።

4) እቶም ንጽሕፈት ዝምረጹ ምልክታት፣ ንሕትመት ዝምችኡ ክኾኑ ይግባእ።

5) ብዝተኻእለ መጠን ኣሸገርትን ዘይልሙዳትን ፊደላት ንምውጋድ መታን ክጥዕም ብላቲናዊ ፊደላት ተጠቐም። ፈጺሞም ዘይመሳሰሉን፣ ነቲ ወግዓዊ ወይ ናይ ንግዲ/ናይ ስራሕ ቋንቋ ብግቡእ ወኪሎም ክድመጹ ዘይክእሉ ምልክታት ምጥቃም ኣይግባእን።

6) እቲ ዝምረጽ ፊደል ነቶም ልሳነ-ዋህድ (monolingual) ዝኾኑ መሃይማን፡ ኣብ ሓጺር እዋን ንክንብቡ ዘኽእልን ብቑዕን ክኸውን ይግባእ።

7) እቶም ዝምረጹ ፊደላት፡ ምስ ድልየት እቶም ልሳነ-ክልአ ዝኾኑ ዜጋታት ተዛሚዱ ብዝኸይድ ኣገባብ ክቐሙ ይግባእ። ምኽንያቱ እቲ ብብዙሕ ጸዕሪ/ትዓብ ዝተጸንዐ ናይቲ ወግዓዊ ወይ ናይ ንግዲ ቋንቋ ፊደል፡ ናብ ቋንቋኦ ብቀሊሉ ከመሓላልፎ ዘኽእሎ ክኸውን ይግባእ። [ወይ'ውን ብኣንጻሩ ካብ ኣደ-ቋንቋ ናብቲ ወግዓዊ ወይ ናይ ንግዲ ቋንቋ ክሰጋግሮን ናብ ዝሰፍሐ ኣገልግሎት ዝህብ ኩነታት ዘሰጋግሮ ክኸውን ይግባእ]።

8) እቶም ዝምረጹ ፊደላት፡ ብዝተኻእለ መጠን ነቶም ህልዋት ላህጃታት (dialects) ኣብ ግምት ዘእቱ ክኸውን ይግባእ።

9) ካብቲ ወግዓዊ ቋንቋ ብዙሓት ቃላት ብመልክዕ ልቓሕ (ምርዓም) ምእታዎም ነቲ ስርዓተ-ድምጺ ናይቲ ተቐባሊ ቋንቋ ክጸልዎን ክጥቅዮን ይኽእል'ዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ኣቲ ውሳኔ ናይ ወከልቲ ፊደላት፡ ናብቲ ወግዓዊ ወይ ዝሰፍሐ ኣገልግሎት ዝህብ ቋንቋ ክምርሕ የድሊ።

10) እቲ ውሳኔ ናይቲ መንግስቲ፡ ኣብ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ናይተን ሃገራውያን ቋንቋታት ኣብቲ ወግዓዊ ቋንቋ ክምዝምስረት ዝጠልብ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እቲ ውሳኔ ድማ በቶም ፊደላት ናይቲ ወግዓዊ ቋንቋ ተጠቀም ዝብል ይኸውን።

## ሐ) <u>ኣብ ኦርቶግራፊ ዝቐርቡ ተወሰኽቲ ኣረኣእያታት</u>

ብዘይካ እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው 10 ረቛሒታት፡ ካልኦት ንኣቀዋውማ ፊደላት ዝምልከቱ ኣረኣእያታት'ውን ኣለው። ካብ 1947 ኣትሒዙ፡ ንስነ-ድምጺ ዝምልከት መትከላት ኣጸሓሕፋን ግደ ካልኦት ተወሰኽቲ ኣረኣእያታትን ብዝምልከት ብዙሕ ተባሂሉን ተሰሪሑሉን'ዩ።

ስሚሊ (1963) ሓሙሽተ ንኣገማግማ ኣገባብ ኣጸሓሕፋን ብቕዓቱን ዝምልከት መምዘኒታት ኣቕሪቡ። ንሳተን ድማ እዘን ዝስዕባ ኢየን።

1) ዝለዓለ ድርኺት (Maximum Motivation)፡- እዚ ነቶም ብፖይክ ዝቐረቡ ተለዋውጥቲ ማሕበረ-ቋንቋዊ ኩነታት ዘጠቓልል ኮይኑ፡ እቲ ድርኺት ናብቲ ተወጢኑ ዘሎ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ፡ ብተጠቀምቱ ተቐባልነት ክምዝረክብ ንምግባር ዝምልከት ኢዩ።

2) ዝለዓለ ወካልነት (Maximum Representation)፡- እዚ ድማ እቲ ዝቐውም ወይ ዝምረጽ ኣጸሓሕፋ፡ ነቶም ኣብ ስነ-ድምጺ ዝምስረቱ መትከላት ከም ቅቡል ዝወስድ ኢዩ።

3) ንክተጽንዖ ዝለዓለ ፋኽስት ዘለዎ (Maximum Ease of Learning)፡- ንኣገባብ ኣጸሓሕፋ ብስነ-ምምህርናዊ ዓይኒ ዝምልከት ኢዩ።

4) ዝለዓለ ምትሕልላፍ (Maximum Transfer)፡- እቲ ዝምረጽ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ካብቲ ውሱን ዓንኬል ወጺኡ፡ ናብቲ ወግዓዊ ቋንቋ ወይ ዝሰፍሐ ኣገልግሎት ዝህብ ቋንቋ ብቐሊሉ ዘሰጋግር ክኸውን ይግብእ።

5) ብዝለዓለ ናይ ሕትመት ጸገማት ዘቃልል (Maximum Ease of Production)፡- እዚ ነቲ ብጭቡጥ ክጋጥም ዝኽእል ናይ ምጽሓፍን ምሕታምን (typing and printing) ጸገማት ንምቅላል፡ ሓደ ምልክት ካብቲ ሓደ ዝምረጸሉ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእቱ ኢዩ።

ፓውሊሰን (1968) ድማ "ብመሰረቱ ዝኾነ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ፡ ቀጥታዊ ነጸብራቕ ናይቲ ዝሩብ ቋንቋ ክኸውን'ኳ እንተዘይክኣለ፡ ነዞም ኣርባዕተ ቀንዲ መሰፈሪታት ከማልእ ኣለዎ" ይብል።

1. ብኣንበብቱ ተቐባልነት ምርካብ፡
2. ንተገልገልቱ ነጺሩ ክንበበሎም ዝኽእል፡
3. ንትሕዝቶ ብዘይ ምጥርጣር ከተሓላልፍ ዝኽእል፡
4. ብቀሊሉ፡ ክስሕብ ብዝኽእል ኣገባብ ዝቐርብ።

ፖውሊሰን ከም ትረምፐር (1985) ካብ ስነ-ድምጻዊ ረቛሒታት ንላዕሊ ንማሕበራውን ስነልቦናውን ረቛሒታት ዝያዳ ኣድህቦ ክምዘድሊ የተሓሳስቡ።

ዊልያምሰን (1984) ኦርቶግራፊ ብቐንዱ ሕግታት ዝኽተል ምልክት ኮይኑ፡ ኣብ ኣጸሓሕፋ ቋንቋ ዝውዕል ኣገባብ'ዩ ይብል'ሞ፡ ጽቡቕ ኦርቶግርፊ በዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ መትከላት ክቕየድ/ክምራሕ ከምዘለዎ የብርህ።

1) ልክዕነት (Accuracy)፡- እቲ ኦርቶግራፊ ምስቲ ስርዓተ-ድምጺ ናይቲ ዝውክሎ ቋንቋ ክሳነን ክሰማማዕን ኣለዎ። ብካልእ ኣበሃህላ፡ ልዕሊ ኩሉ ንስነ-ድምጻዊ መትከላት ብቀዳምነት ይሰርዕ። ከምኡ ድማ ጽቡቕ ኦርቶግራፊ፡ ነቶም ኣድለይቲ ድምጽታት ጥራይ ክውክል ከምዘለዎ ይሕብር።

2) ጽኑዕነት (Consistency)፡- እዚ ድማ ሓደ ፊደል ኣብ ዝኾነ ይኹን ምውህሃድ፡ ብሓደ ቀዋሚን ስሩዕን መልክዑ፡ ንሓደ ድምጺ ጥራይ ወኪሉ ክርከብ ከምዘለዎ የነጽር። ነቲ ተመሳሳሊ ኣገልግሎት ዘለዎም ድምጽታት ብሓደ ፊደል እንተተወከሉ ድሓን'ዩ ዝብል ኣረኣእያ ክኣ ኣይሰማምዓሉን።

3) ምቹእነት (Conveniency)፡- እዚ ንተግባራዊ መዳያት ኣጸሓሕፋ ዝምልከት ኮይኑ፡ ዝተሓላለኹ ምልክታት ንጽሕፈት፡ ንንባብ ንሕትመትን ስለዘዕንቅፉ፡ ክእለዩ ከምዘለዎም የዘኻኽር።

4 ተሳናይነት (Harmonization)፡- እቲ ዝምረጽ ኦርቶግራፊ፡ ኣብቲ ከባቢኡ ምስ ዝዘውተር ኦርቶግራፊ ክሳነ ከምዘለዎ ይሕብር።

5 ሌላነት/ተዛማድነት (Familiarity)፡- ጽቡቕ ኦርቶግራፊ ክርክርን ምስሕሓብን ከወግድ ይግባእ።

## 3. ላቲናዊ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ፊደላትናን ኩነታቱን (ንጽጽራዊ መጽናዕቲ)

ኣብ መእተዊ ጽሑፍና ከምዝረኣናዮ፡ ኣብ ላቲናዊ ኣጸሓሕፋና 42 ድምጺ ዝውክሉ ፊደላት ወይ ጥምረ ፊደላት ኣለው'ኳ እንተበልና፡ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ሰሌዳ-ፊደል ዘይኣተው፡ ኣብ ቋንቋ ናራ ዝርከቡ ng, ngw, nd, mb, ክውሰኹ ከለው፡ ኣብ ቋንቋ ብለን ድማ ñw ክም ዝውሰኽ ተገይሩ ኣሎ።

ብሓፈሻኡ፥ እዘን ሓሙሽተ ቋንቋታት ሓሙሽተ ኣናበብቲ (ቫውልስ) ክህልውወን ከለው፥ ብለን ግን ናይ ሳድስ ድምጺ (ɛ) ይውስኽ። እዞም ሓሙሽተ ኣናበብቲ ድማ እናሓጸሩን እናነውሑን ብምግልጋል ናይ ትርጉም ለውጥታት ክስዕቡ ይኽእሉ። ነፍሲ-ወከፍ ቋንቋ ዝጥቀመሎም ብዝሒ ተነበብቲ (ኮንሰናንትስ) ካብ ቋንቋ ናብ ቋንቋ ይፈላለ። (ጥብቆ 1-2)

ብመሰረቱ ንናይ ሓደ ቋንቋ ስርዓት ድምጺ ይውክል'ዩ ተባሂሉ ዝምረጽ ቅርጺ ፊደል ብዝተፈላለየ መምዘኒታት ተራእዩ ከምዝምረጽ ቅድም ክብል ተመልኪትና። ዝኾነ ቅርጻ ፊደል፥ ብስምምዕ ዝግበር'ኳ እንተኾነ፥ ኣብ ከባቢኡን ኣብ ካልኦት ሃገራትን ዝስርሓሉ ቅርጻ ፊደል ከይጸለዎ ኣይተርፍን። ካብቲ ካልኦት ወይ ጎረባብቲ ዝኽተላእ፥ ፍልይ ዝበለ ኣወሻኽላ ኣብ ዝኽተለሉ እዋንከ፥ እንታይ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል ይኸውን፡ ከምኡ'ውን እዚ ብዙሕ እተጸዕረሉን፥ ኣብ ሃገርና ድማ ኣብ ትምህርታዊ መድረኽ መባእታ እንጥቀመሉ ዘሎና ፊደል-ላቲን፥ ብዓይኒ ስነ-ልሳናዊ መትከላት እንታይ ብልጫን ሕጽረትን ኮን ይህልዎ ይኸውን፡ ንምስትኽኻሉን ንምሕያሉንከ እንታይ ክግበር ይግባእ። እዝን ከምዝን ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ክንርእዮ ኢና።

ብመጀመርያ ብፊደላት ላቲን ምጽሓፍ እንታይ ብልጫታት ኣለዎ ኢልና ምስ እንሓትት፥ እዞም ዝስዕቡ መልስታት ክቐርቡ ይኽእሉ፥-

- ብውሑዳት ፊደላት ተጠቒምካ፥ ቋንቋ ኣብ ጽሑፍ ምስፋር፥
- ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምንባብን ንምጽሓፍን ምኽኣል፥
- ኣፍኲስካን ኣትሪርካን ዝድመጹ ፊደላት ፈሊኻ ንምሕባር፥
- ሓጸርትን ነዋሕትን ኣናበብቲ ብንጹር ንምስፋር፥
- ናይ ቅኒት ምልክት (tone markers) ንምጥቃም፥
- ብዘመናዊ መሳርሒታት ንምጥቃም፥
- ናትካ ቋንቋ ንካልኦት ክተፍልጥን ናታቶም ክትርዳእን ዕድል ንምሃብ፥
- ሓደ ቋንቋ ኣብ እተፈላለያ ሃገራት ዝዝውተር እንተኾይኑ፥ ሓደን ሓባራውን ናይ ትምህርትን ካልኦት ተወሰኽቲ ንባባትን ንምዝውታር
- ንመጽናዕቲ ስነልሳን ማዕጾ ንምኽፋት... ዝብሉ ክጥቀሱ ይከኣል።

ኣስዒብና ድማ፥ ኩነታት ኣጸሓሕፋ ኤርትራውያን ቋንቋታት ብፊደላት ላቲን፥ ብመንጽር ስነ-ልሳናዊ መትከላት ኣብ እንምርምረሉ እዋን፥ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክነልዕል ግድን ይኾነና።

1) ኣብ መጻሕፍትና፥ ፊደላትና ድኣ ንዝርዝርን ነምህርን እምበር፥ ኣየናይ ፊደል ንኣየናይ ድምጺ ወኪሉ ቀሪቡ ከምዘሎ፥ ብእብነታት ስለዘይንሕብር፥ ኣንቢቡ ዝኽእል ሰብ እንተዘይኣጋጢሙ፥ ብገርሂ ክተንብቦን ክትርድኦን የጸግም። ስለዚ፥ መፍትሕ ናይ እንጥቀመሎም ፊደላት፥ ብመንጽር ዝውክልዎ ድምጺ፥ (phonetic key) ኣብ መእተዊ መጻሕፍትና ክቐርቡ ኣለዎም። እንተዘይኮነ፥ መስርሕ ምርድዳእ ክተዓናቀፍ'ዩ።

2) ንሕና እንጥቀመሉ ፊደል፥ ምስ ኣብ ከባቢና ዝርከባ ሃገራት ዝጥቀማሉ ፊደል ዝፍለ እንተኾይኑ፥ ብፍላይ ድማ እቲ ቋንቋ ኣብ ኤርትራን ጎረባብቲ ሃገራትን ዝዝረብ ምስዝኸውን፥ ናይ ምንባብን ምርዳእን ጸገም ይፈጥር። ንኣብነት ቋንቋ ዓፋር ብላቲን ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፥ ኣብ ኢትዮጵያን ጅቡትን'ውን ዝሰርሕ ዘሎ ቋንቋ'ዩ። እንተኾነ ግን ኣብዘን ዝስዕባ ድምጽታት ናይ ኣወሻኽላ ፍልልያት ኣሎ።

| | ኣብ ኤርትራ | ኣብ ኢትዮጵያ | ኣብ ጅቡቲ |
|---|---|---|---|
| 1. | DH ዻ | X | X |
| 2. | C ዓ | Q | Q |
| 3. | X ሓ | C | C |

እዚ ኣብ ሳዕሊ ተዘርዚሩ ቐሪቡ ዘሎ ፍልልይ ፊደላት፣ ካብ ናይ ብሄረ ዓፋር ከባቢታት ንኤርትራ፣ ብቋንቋ ዓፋር ተጻሒፉ ዝለኣኸ ደብዳበታት (ጽሑፋት)፣ ብዓፋር ዝመሃሩ ተመሃሮ ከንብቡዎ ኣብ ርእሲ ዘይምኽኣሎም፣ ንምዕባለ ቋንቋ ይኹን ተመክሮታት ንምልውዋጥ ዝዕድም ኣይኮነን። (ደብዳበ ቤ/ጽ/ኣ/ትም/ዞ/ደ/ቀ/ ባሕሪ፣ 17/7/96፣ ገጽ 2)።

3) DH ወይ RH ብዝምልከት፣ ኣብ ኣጸሓሕፋ ኮነ ኣናብባ ጸገማትን ምጥርጣራትን የስዕብ ስለዘሎ፣ ዳግማይ-ግምት ክግበረሎም ይግባእ። ምኽንያቱ D ኮነ R ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ ቃላት ክፉል፣ ምስ H ተጎራቢቶም ከምዝመጹን ከምዘይመጹን ከየረጋገጽካ፣ DH, RH ንድምጺ ክውክሉ ኢልካ ምጥቃም፣ ኣብቲ ኣጸሓሕፋን ኣናብባን እቲ ቋንቋ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ንኣብነት፣ ብቋንቋ ዓፋር DADHO "ሰገጥ ምባል" ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ኣናብባኡ ግን ዳድሆ ኢዩ። D ን H ን ብወዝቢ ስለዝገጠሙ፣ እቲ ኣንባቢ ዳጆ ኢሉ እንተ ኣንበቦ ግን፣ ትርጉም ዘይብሉ ቃል ኮይኑ ይተርፍ።

ከምኡ'ውን ከም ኣብነት፣ ገለ ኣብ ብሄረ ትግርኛ ዝዝውተሩ ኣስማት ክንጽሕፍ ኣብ እንደልየሉ እዋን፣ ከም <u>መርሃዊ</u>፣ <u>መድሃኔ</u> ME<u>RH</u>AWI, ME<u>DH</u>AANE ኣብ ኣናብባ ኣሻመውቲ ይኾኑ።

ገለ ሰባት፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ቃል ከጋጥም ከሎ፣ (-) ጭረት ብምጥቃም MER-HAWI, MED-HAANE ኢልና ብምጽሓፍ ካብ ምድብላቕ ክንድሕን ንኽእል ዝብል ሓሳባት የቕርቡ። እዚ ግን ነቲ ባህርያዊ ኣናብባ ኣብ ርእሲ ምዕንቃፉ፣ ካብ ክልተ ቃላት ዝቖመ ውሁድ ቃል (Compound Word) ከምስል ስለዝኽእል፣ ከም ፍታሕ ምውሳዱ ዘዋጽእ ኣይመስልን። ንኣብነት ብዓፋር KADHDHA-ABBA "ኣቦ-ሓጎ"።

4) ፊደል ዓ ክውክለልና ብ 'C' ንጥቀም ኣሎና። ኣብ IPA ብ 'ና' ኢዩ ዝውከል። ኣብ ታይፕ-ራይተርን ኮምፒዩተርን ብቀሊሉ ስለዘይርከብ፣ ብ 'C' ምጥቃምና ተመሳሳልነቱ ንምሕላው የኽእለና። ግንከ 'C' ከም ዓ ይነበብ ክንብል ጸኒሕና፣ እቲ ቆልዓ ናብ ቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ዝኣትወሉ ግዜ ከም ሲ ኣንብቦ ምባል፣ ምድንጋር ስለዝፈጥር፣ ገለ ፍታሕ ክድለዮ'ዩ።

5) ኣብ ኣወኻኽላ ጥምረ ድምጺ ጽሑፋት፣ ኣዝዩ ነዊሕ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ንጥቀም ስለዘሎና፣ ወካልን ሓጺርን ኣገባብ ምጥቃም ከድልየና ኢዩ። ንኣብነት ብዓፋር <u>DHIDHDHI</u>BAANE 'መግዛእቲ' ማለት ኢዩ። ብ13 ፊደላት ድማ ይውከል። ስለዚ ዝሓጸረ ኣገባብ ክነናዲ የገድደና። ኣብ ብለን QHWERAQHWR ቆልዑ ማለት'ዩ። ቈ ብ QHW ካብ ምውካል፣ ብ Q' ወይ QW ወይ ብዝሓሸ ምልክት እንተዝውከል፣ ኣገባብ ኣጸሓሕፋና ሓጺርን ምጡንን ምኾነ። እቲ ኣብ ምውካል ጥምረ ጽምጺ (diphtongs) ማለት KWE, GHWE, ÑGWE, KHWE, QHWE... እነዘውትሮ ዘሎና ኣገባብ ኣጸሓሕፋ፣ ነዊሕ ስለዝኾነ፣ ብሓደ ፊደል ወይ ብሓደ ፊደልን ልእለ-ምልክትን (diacritic-mark) ብምጥቃም፣ ብዘይገራጮ ኣገባብ ምጥቃም ብዝያዳ ቍጡብ ምኾነልና። ንምጽሓፉን ንምጽናዑን ግዜ ኣይወስድን፣ ወረቐትን ቀለምን'ውን ኣየህልኽን።

6) ኣብ ቅኒት ዘለዎም ቋንቋታት ኤርትራ (tone languages)፣ ክሳብ ሕጂ ናይ ዝለዓል፣ ዝወድቕ ወይ ማእከላይ ድምጺ ምልክት ስለዘየተኣታቶና ኣብ ኣናብባ ጸገም ምፍጣርን ጋእጋእ ምባልን የስዕብ። ስለዚ እቶም ብቕኒት (tone) ናይ ትርጉም ለውጢ ዘምጽኡ ቃላት፣ ብምልክት ቅኒት (tone markers) ንልዑል (high) /, ንምእኩል ¯, ንትሑት \

## <u>መደምደምታ</u>

እዚ ካብ 1982-1986 ክሕሰበሉን ብዙሕ ክጸዓረሉን፣ ንኣተገባብራኡን ንምምሕያሹን ሰፊሕን ኣድማዕን ዘተታት ዝተኻየደሉ፣ ንቋንቋታት ኤርትራ ብፊደላት ላቲን ናይ ምጽሓፍ መስርሕ፣ ምስቲ "ነፍሲ ወከፍ ብሄር ብቋንቋኡ ወይ ብዝመረጾ ቋንቋ ክመሃር ይኽእል" ዝብል ፖሊሲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. (ሕጂ መንግስቲ ኤርትራ) ዘሳኒ ኢዩ። ብዓይኒ ቁጠባ ሓያሎ ወጻኢታት ዝጠልብ እኳ እንተኾነ፣ ተመሃሮ ሰብኣዊ መሰላቶም ተሓሊዩሎም ብቋንቋታቶምን ብፊደላት ላቲን ክመሃሩ ክለው፣ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክጽሕፉን ክንብቡን ስለዝኽእሉም፣ መሃይምነት የጥፍኡ። ከምኡ'ውን ቋንቋታት ብሄራት ክዕቀቡን ክምዕብሉን ስለዝሕግዝ፣ ንቀጻሊ ትምህርቲ ዕድል ስለዝኽፍት፣ ኣብ ሓድነት ህዝብን ሃገርን ኣዎንታዊ ጽልዋ ስለዘለዎን፣ ንስነ-ልሳናዊ ምርምራት ኣፍደገ ስለዝኽፍትን፣ ክስረሓሉ ጸኒሑን ኣሎን።

ስለዚ፣ ብፊደላት ላቲን ተጠቒምካ፣ ብቋንቋ ብሄራት ምምሃር ዘለዎ ብልጫታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ክነሐይሎ እንተኾይና፣ እዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ክጸዓረሎም ይግባእ።

1) ላቲናዊ ኣጸሓሕፋ ኣብ ትምህርቲ መባእታ ጥራይ ሓጺርካ ካብ ምትራፍ፣ ካብ'ዚ ኩነት'ዚ ዝናገፈሉ ሜላ ምንዳይ። ንኣብነት፥- ኣብ መስርሕ ትምህርቲ ንዓበይቲ ከምዝዝውተር ምግባር፣

2) እቶም ደቂ ብሄር፣ ብቋንቋታቶም ስፍሕ ኣብ ዝበለ ሃዋህው መታን ክጥቀሙ፣ መድረኻት ምኽፋት። ንኣብነት ኣብ ከም ጽሑፋት ባህልን ቋንቋን፣ ጋዜጣን መጺሔትን ልቢ-ወለዳትን... ንክውዕልዎ ምትብባዕ፣

3) ፊደላትናን ኣገባብ ኣጻሓሕፋናን ብግቡእ ብኽኢላታት ስነ-ልሳን ከምዝጽንዑ ምግባርን፣ ኣድለይቲ ምምሕያሻት ምእንቲ ክግበረሉ ድማ ቀጻሊ ገምጋማት ምክያድ፣

4) ደረጃን ብቕዓትን ኣማዕበልቲ ካሪኩለም ናይ ኩለን ፓነላት ብሄራት ክብ ዝብለሉ ኩነታት ምምችቻእ። ብዝያዳ ድማ ናይ ስነ-ልሳን ኣፍልጦን ኣኽያይዳ መጽናዕትን ብዝምልከት፣ ክእለቶም ክብ ንምባል ኣድላዪ ጻዕርታት ምግባር፣

5) እዚ ኣብ መንጎ ኣፍሪቃውያን ሃገራት እናማዕበለ ዝመጽእ ዘሎ ብተመሳሰልቲ ፊደላት ላቲን ናይ ምጥቃም መስርሕ ክሕሰበሉን፣ ዘርብሓና እንተኾይኑ ድማ እተን ኣብ ሃገርናን ኣብ ወጻእን ዝዝረባ ቋንቋታት፣ ምስ ናይ ከባቢና ሃገራት ፊደላት ተሳኒየን ከምዝጸሓፉ'ሞ መምሃሪ መጻሕፍትን ካልኦት ሓበሬታታትን ብሰፊሑ ዝለዋወጣሉ ሃዋህው ምፍጣር፣

6) ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፣ ኣብ ትሕቲ ናይ ቋንቋ ኢንስቲትዩት፣ ናይ ኤርትራውያን ቋንቋታት ወይ ናይ ስነ-ልሳንን ክፍሊ ከምዝህሉ እንተዝግበር፣ ዩኒቨርሲቲና ንምምዕባል ኤርትራውያን ቋንቋታት እጃሙ መበርከተ፣

7) ዓቕምን ኩነታትን ዝፈቕዶ እንተኾይኑ፣ ቋንቋታትናን ባህልታትናን ንምዕቃብን ምምዕባልን ዝከታተልን ኣድላዪ ዘበለ ኩሉ ዝገብርን ማእከል ወይ ኣካዳሚ ምቛም ከምዝድሊ እናሓበርኩ፣ ለበዋታተይ ኣቕርብ።

ዓወት ንሓፋሽ !!

ዳንኤል ተክለማርያም ቶኩሩራይ
ክፍሊ ሃገራዊ ፐዳጎጂ
ጨንፈር ካሪኩለም
ኣስመራ፣ ነሓሰ, 1996

# <u>መወከሲ ጽሑፋት BIBLIOGRAPHY</u>


ሀ.ግ.ሓ.ኤ፡ <u>መምርሒ ንኣቀያይራ ፊደላት ግእዝ ናብ ላቲን</u>፡ Key to Transliteration.

ሀ.ግ.ሓ.ኤ፡ (ተስፋሚካኤል ኣበራ) <u>ኣጸሓሕፋ ቋንቋታት ኤርትራ ብፊደላት ላቲን</u>፡ (ትራንስሊተረሽን) 1986.

ዳንኤል ተክለማርያም፡ <u>ቋንቋ እንታይ ኢዩ፡ እንታይ ባህርያትከ ኣለዎ</u>፡ ኣስመራ - 1993.

ዮናስ ኣድማሱን ካልኦትን፡ <u>ኣማርኛ ለኮለጅ ደረጃ</u>፡ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ፡ 1966 ዓ.ም.

ኣባ ይስሃቅ ገብረኢየሱስ፡ <u>ሕብረ ብሄራዊ ሓዲስ ፊደለ ሰውራ</u>፡ ፊደል ሓድነት። (ዕስ·ት)

Chumbow, B.Sammy, <u>Phonological Theory and Orthography Design</u>. University of Buea, (A handout)

Grimes, Barbara F.(ed.). <u>Ethnologue</u>: Languages of the World. U.S.A., 1992.

- <u>Ethnologue</u>, Dalas: SIL, 1988.

John Lyons (ed.). <u>New Horizons in Linguistics</u>. Printed in Great Britain. Penguin Books, 1980.

Julia R.Van Dyken and Constance Kutsch Lojenga, in <u>Alphapets of Africa</u>, Key Factors in Orthography Development<u>, Dakar, 1993</u>. (PP. 3-20).

Pike - <u>Phonetics</u>: A Technique for Reducing Language to Writing. Ann Arbor, University of Michigan Press, 1947.

Powlison, P.S., <u>Bases for Formulating an Efficient Orthography</u>. The Bible Translation No. 19, (PP. 74-91)

Rhonda L.Hartell (ed.). <u>Alphabets of Africa</u>, UNESCO - Dakar Regional Office and Summer Institute of Linguistics, Dakar: 1993.

Smally, W.L., (ed.). - <u>Orthography Studies</u>. United Bible Societies. London: 1963.

Tremper, M.W, - <u>Current Principles of Orthography Design</u>. University of Texas at Arlington: 1985.

Williamson, K. - <u>Practical Orthography</u>. Heinemann Educational Books, Ibadan, Nigeria: 1984.

## ጥብቆ 1. APPENDIX

### THE LATIN ALPHABET USED IN PRIMARY EDUCATION OF ERITREA

χ = ኽ

| I.P.A. | a | b | ʕ | d | e | f | g | h | i | j | k | l | m | n | o | p | q | r | s | t | u | v | w | ħ | y | z |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| AF.ALPHA. | a | b | ʕ | d | e | f | g | h | i | j | k | l | m | n | o | p | q | r | s | t | u | v | w | ħ | y | z |
| ERI. ALPHA. | a | b | c | d | e | f | g | h | i | j | k | l | m | n | o | p | q | r | s | t | u | v | w | x | y | z |
| FIDEL | ኣ | ባ | ዕ | ዳ | ኤ | ፉ | ጋ | ሃ | ኢ | ጃ | ካ | ላ | ማ | ና | ኦ | ፓ | ቃ | ራ | ሳ | ታ | ኡ | ቫ | ዋ | ሓ | ያ | ዛ |
| LANGUAGES | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| SAHO | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + |
| AFAR | + | + | + | + | + | + | + | + | + | - | + | + | + | + | + | - | - | + | + | + | + | - | + | + | + | - |
| NARA | + | + | - | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | - | - | + | + | + | + | - | + | - | + | - |
| KUNAMA | + | + | - | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + |
| BILEN | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | + | - | + | + | + | + | + | - | + | + | + | - |

+ = existing alphabet.

- = non existing alphabet.

I.P.A = International phonetic Alphabet
AF. = AFRICAN
ERI =



Scanned pdf.doc. By Blin Language Forum, daberi.org, 2013